# ሓበሬታ ሓደ ካብ ክብርታት ኤርትራዊያን

ከምዚ ሎሚ ሓበሬታ ምርካብ ንደቂ ሰባት መሰል ዝኾነሉ እዋን ዘይኮነስ ካብ ቀደሙ'ውን ኤርትራዊያን ሓብሬታ ኣብ ምሃብ ንቑጠብ ኣይነበርናን። ቀደም ግዜ ሓበሬታ ብኸመይ ይተሓላለፍ ኔሩ? ሕጂኸ ብኸመይ ይተሓላለፍ ኣሎ? ንዝብሉ ሕቶታት ንምድህሳስ ዝተፈላለየ ኩነታት ኸጥቀስ ይክኣል ኢዩ። ኣቐዲሙ ግን ብዛዕባ እትኦም ዓበይቲ ለውጥታት ዝብሃሉ ዓለምና ዝሓለፈቶም ምዝታይ ይምረጽ።

ኣብዚኣ ዓለም ካብ እቲኦም ዓበዪትን ዓለምለኻዊን ለውጥታት ተባሂሎም ዝፍለጡ ኣብ ሰለስተ ዓበይቲ ኣርእስትታት ይምደቡ። ቀዳማይ ሕርሻዊ ለውጢ፣ ካልኣይ ኢንዱስቲሪያዊ ለውጢ፣ ሳልሳይ ከኣ ሓቤረታዊ ለውጢ ተባሂሎም ዝፍለጡ እዮም።

ሕርሻዊ ለውጢ ክብሃል ከሎ ካብ ዕርፊቲን ኣብዑርን ተገላክልካ ብትራክተራት ዝተኣታተወ ኣገባብ ማሕረስ ኢዩ። ደቂ ሰባት ካብቲ ዝነበሮም ትሑት ሐርሻዊ እቶት ተናግፎም ናብ ዘይተኣደነ ሕርሻዊ ማእቶት ዝተሰጋገርሉ እዋን ኢዩ። ቅድም ኢሉ ንሒደት ዕድለኛታት ዝነበረ ጽጋብ ናብቲ ዝስፍሔ ክፋል ሕብረተሰባት ዝተሰጋገረሉ እዋን ስለዝኾነ ብዘመነ ሕርሻዊ ለውጢ ይፍለጥ። እቲ መቐይሮ ሽሕ ኡኳ ድሕሪ ብዙሕ ዘመናት ሃልኪ ዝመጸ እንተኾነ ኣብቲ ለውጢ ዝመጸሉ እዋን ግን ቅልጥፉን ኣድማዕን ኢዩ ኔሩ። ደቂ ሰባት'ውን ብዘደነቕ ቅልጣፈ እዮም ተጠቀምቲ ናይቲ ለውጢ ኮይኖም። እዚ ለውጢ'ዚ ግቡእ ታሪኻዊ ቦታኡ ሒዚ በደቂ ሰባት ይዝከር ኣሎ።

ኢንዱስቲሪያዊ ለዊጢ ድሕሪ ሕርሻዊ ለውጢ ዝመጸ ንደቂ ሰባት መኖባብሮኦም ከመሓይሹን እቲ ብቐንጦት ዝፍለጥ መነባብሮ ንኸጋይጹን ዝሓገዘ ለውጢ ኢዩ። ደቂ ሰባት ንመኖባብሮኦም ዝሕግዞም ዝጥቀምሉ ዝነበረ ጉልበት ሰባትን እንስሳታትን ዝውድእ ኣሕላኺ ዝኾኑ መሳርሒታት ከም ሞዶሻን ባዴላን ብማሽነሪ ዝለወጠ እዋን'ውን ኢዩ። ኣብ ሓደ እዋን ነገራት ብብዝሒ ብምምስራሕ ዝበዝሔ ክፋል ሕብረተሰባት ተጠቀምቲ ንክኾኑ ዝሓገዘ መስርሕ ኢዩ። ርክብ ደቂ ሰባት ካብን ናብን ዘሕጸረ፣ ውጺእት ምህርቲ ኣብ ዝሓጸር ግዜን ብብዝሕን ብዓይነትን ንምኳዓዓዝ ዝሓገዘ መስርሕ'ውን ኢዩ።

ሕርሻዊ ለውጥን ኢንዱስቲሪያዊ ለውጥን ኣብ ደቂ ሰባት ዝተጻወትዎ ኣወንታዊ ተራ ንኽትዝርዝሮም ግዜን ዓቕምን ኣየፍቕድን ኢዩ። ብሕጽር ዝበለ ግን መነባብሮ ደቂ ሰባት ኣብ ግዜ እኒ እኒ ዝነበረን ድሒሩ ኣብቲ ስልጡን ግዜ ዝተባህለን ዘሎ ክተነጻጽሮ ከሎኻ ቁም ነገር ሐርሻዊን ኢንዱስቲሪያዊን ለውጢ ዘማትእ ኣይኮነን።

ንብዙሕ እዋናት ድሕሪ ሕርሻዊን ኢንዱስቲሪያዊን ለውጢ ክመጽእ ዝኽእል ለውጢ እንታይ ክኸውን ከምዝኽእል ብሩህ ኣይነበረን። ምስ ምምዕባል ኮምፕተር ግን ሓበሬታ ንዉሑዳት ጥራሕ ዝወሃብ ዝነበረ ንመብዛሕትኡ ሕብረተሰባት ዝባጽሓሉ ኩነታት ስለዝተመቻቸኤ ሓበሬታዊ ለውጢ ኣኸቲሉ። ምስ ምምዕባል ሬድዮን ተሌቪዥንን ብመጠኑ ሓበሬታት ይመሓላለፍ ኔሩ ኢዩ። ኮይኑ ግን ሓበሬታ ከምቲ ዝድለ ንደቂ ሰባት ክወሃቦም ኣይተኻእለን ኔሩ። ኣብዚ እዋን'ዚ ሓበሬታ ብቕጽበት ንደቂ ሰባት ይበጽሕ ጥራሕ ዘይኮነስ ብብዝሒ'ውን ዘይተኣደነ ኢዩ።

ኣመዓባብላ ሓበሬታ ኣብዚ ሕጂ በጽሕዎ ዘሎ ደረጃ ንኽበጽሕ ካብ ዝሓገዙ ረቛሒታት እትኦም ፍሩያት ዝብሃሉ ከም ምምስራሕ ትራንዝስቶር ኸጥቀሱ ይክኣል። ከም ኢንተርነት ዝኣመሳሰሉ ረቛሒታት ከኣ ወሳኒ ተራ ዝተጻወቱ ባእታታት እዮም። ኣመዓባብላ ትራንዝስቶር ብዝምልከት ክእላታት ኣብዚ ባይታ'ዚ ፍልጠቶም ወስ እንተዘቡልልና ይምረጽ። ክሳብ ክእላታት ፍቓደኛታት ኮይኖም ነዚ መድረኽና ዝሳተፍዎ ግን ንግዚኡ በቲ ውሱን ፍልጠተይ ቅሩብ ከተንብህ። ቅድሚ ትራንዝስቶር ብኣመርካዊያን ዝፍልሰፍ እቲኦም ፍሉጣት መሳሪሒታት ዝነበሩ ትራንስፎርሞርን ረዝሲቶርን እዮም ኔሮም። ከም ርድእቶተይ ትራንስፎርመር ማለት ዘመሓላልፍ ክኸውን ከሎ ረዝስቶር ከኣ ዘየመሓላልፍ ማለት ኢዩ። ኣመሪካዊያን ነዚኦም ክልቲኦም ኣጸናብሮም ሓደ መሳሪሒ ዘመሓላልፍን ዘየመሓላልፍን ኮይኑ ኸገልግል ብማለት ተፈላሲፎም። ተዓዊቶም ከኣ። እዚ መሳሪሒ'ዚ ትራንዝስቶር ተባሂሉ

ይፍለጥ። ሽሙ ከምዝሕብሮ እዚ መሳሪሒ’ዚ ሓንፈጽ ናይ እዝኦም ክልተ ልዕል ኢሉ ዝተገልጹ ስለዝኾነ እቲ ትራንዝስቶር ዝብል ሽም’ውን ካብ ክልቲኦም ዝተወስደ ኢዩ። እዚ ፍልጠት’ዚ ደቂ ሰባት ኸጥቀምሉ ብማለት ኣመርካዊያን ብእዋኑ ንዓለም ኣፍልጦም። እዚ ማለት ብምስጢር ኣይሓዝዎን።

ምስ ምምስራሕ ትራንዝስቶር፣ ሬድዮ ተሌቪዝን ከምኡ’ውን ካልእ ንደቂ ሰባት ዝጠቕሙ ነገራት ብዓይነትን ብብዝሕን ክፈርዩ ጀሚሮም። ሓበሬታ እውን ብዓቕሙ ክምዕብልን ንዝበዝሑ ክፋለ ሕብረተሰባት ክባጻሕ ሓጊዙ። ካብ ክሉ ግን ኮምፕተር ንምምስራሕ ሓጊዙ። ምዕባሌ ኮምፕተር ኣብ መስርሕ ሕሳብን ብፍላይ ባንክታት ስሉጥን ጽፉፍን ስርሓት ከተኣታቱው ሓጊዙ።

ኮምፕተር ኣብ ኩሉ መዳያት ንጥፈታት ሕብረተሰብ ርኡይ ምዕባለ ኣብ ዘመዝግበሉ ዝነበረ እዋን ኣሜርካዊያን ንሰለያዊን ምስጥራዊን ስርሓት ኸግልገልሉ ጀመሩ። ብፍላይ ሲኣይኤ ውሽጣዊ ርክባት ናይ ኮምፕተራት ብምምስራት ኢንተርነት መስረቱ። ሽሕ ኡኳ ኣብ መጀመርያ ከም ምስጢር ይሕዝዎ እንተነበሩ ኣብ ዝተናወሐ ግዜ ግን ጠቐሜታኡ ንሕብረተሰብ ብምርዳእ ንዓለም ምዝርግሑ ክስወሮም ኣይከኣለን። ኮይኑ ከኣ ኣብ ውሽጣዊ ኣገልግሎት ጥራሕ ዘይኮነ መታን ኩሉ ኸግልገለሉ ብማለት ንዓለም ዘርግሕዎ። ኮምፕተራት ኸብገሳ ከለዋ ንዝኾነ ገዛ እንታዩ ዘይነበራ ምስ ምትእትታው ኢንተርነት ግን ከም ሬድዮን ተሌቪዥንን ኣገልግሎተን ኣብ ዝኾነ ገዛ ክስረታ ጀመራ። ሓበሬታ ብመዓልትታት ምኳኑ ተሪፉ ብደቓይቕ ኮይኑ። ኣብዚ ሎሚ ግዜ ክፍሊት ይኹን ምርጫታት ብኢንተርነት ዝኾነሉ ግዜ ኣርክብና ኣሎና።

እምብኣር ሓበሬታ ንኤርትራዊያን ሓደ ካብ ክብርታትና ከም ምኳኑ መጠን ብፍላይ እቲኣ ሓቒ እትብል ሓበሬታ ንስውኣላ፣ ንስንክለላ፣ ንስደደላ፣ ኣሎ ዝብሃል ግፍዒ ብባዕዳዊያን ዝተሰከምናላ ስለዝኾነት ሕጂ’ውን ከም ወትሩ ነቲኣ ሓቒ ትብል ሓበሬታ ጠጠው ክንብል ይግባእ። ብመጀመርያ’ውን ኤርትራ ርእሳ ዝኸኣለት ሃገር ኢያ እልና ሓበሬታ ክንህብ ከሎና ዓለም ጸማም እዝኒ ተሃበና እምበር መዓልቱ ሓልዩስ ተጋሂዱ ኢዩ። ቀጽልና’ውን ባድመ ናይ ኤርትራ ኢያ እልና ኣብ ሓበሬታ ዝዘርጋሕናሉ እዋን ዝገጠመና ተጻብኦታት ናይ ቀረባ ግዜ ተዘክሮ ኢዩ። ሕጂ’ውን ኤርትራ እጅገኣ ሰብስባ መዓንጠኣ ሸጥ ኣቢላ ዕለት ቀለባ ትምእርር ኣላ እልና ሓበሬታ ኣብ ንዝርግሓሉ ዘሎና እዋን ኣይፋልን ትጠምዩ ኣለኹም። ትሰርሑ ተለፍዑ የለኹምን ዝብሉና ከም ዓለማዊ መግቢ ዘኣመሳሰሉ ምስ ኣጋዋሕቶም ከም ብብሲ ዘኣመሳሰሉ እዶም ኣይሃቡን ዘለዉን። እቲ ኣገዳሲ ከም ቀደምና ኣብቲ ሓቀኛ ሓበሬታ ምዝርጋሕ ክንጸንዕ ከምዘሎናን መዓልቱ ሓልዩ ኢቲ ሓቒ ክወጽእ ከም ዝኾነ ኸንጠራጠር የብልናን።

ኣብዚ እዋን’ዚ ሓበሬታ ንደቂ ሰባት ከም ትኳቦ ዘይኮነስ ከም መሰል ኢዩ ዝወሃብ ዘሎ። ንሕና ኤርትራዊያን ካብ ቀደሙ ፈሪሓ እግዚኣብሄር ስለዘሎና ሓበሬታ ኣብ ንህበሉ ግዜ ኣህዛብ ኣብዘየድሊን ከምኡ’ውን ጎዳእ ዝኾነ ስነ ኣእምሮኣዊ ቅልውላው ዘስዕብ ኩነታት ከይወድቑ ብማለት ፍኑው ዝኾነ ምዝርጋሕ ሓበሬታ ኣይነዘውትርን ኢና። ከምዚ ምኳና ከም ዕጹዋት ወይ ከኣ ሓበሬታ ካብ ምሃብ ቈጡባት ከምዝኾነ ከምስለና ይኽእል ኢዩ። እዚ ግን ካብቲ ሓቀኛ መስመርና ኣዘናቢሉ ኣብ ዝንቡዕን ኣዕናዊን ዝኾነ ፍኑው ምዝርጋሕ ሓበሬታ ከምርሓና ኣይግባእን። ሓበሬታ ብእዋኑን ብብዝሕን ካብ ምሃብ ግን ከጓንድበና የብሉን።

ተጻሒፈ

ብተስፋሚካኤል ዮሃንስ

ኦስሎ ኖርወይ።